# <u>መጸዋዕታ</u>

እቲ ሰፊሕ ታሪኽ ዘለዎን ካብ ህቡባት ቤት ትምህርታት ሓደ ዝኾነን፡ ብዙሓት ተቓለስትን ምሁራትን ዘፍረየ ቤት/ት ሳንጆርጆ፡ ብምኽንያት ምንዋሕ ዕድመ ኣብ ዘሰከፍ ናይ ምዕናው ኩነታት ይርከብ። ነዚ ስክፍታ እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምምሕዳር ዞባ ደቡብን ወከልቲ ህዝቢ'ቲ ዞባ ብምልዛብ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ስደትን ዝነብሩ ኤርትራውያን ብምውህሃድን ብምትሕብባርን ነቲ ቤት/ት ከም ብሓድሽ ክሃንጽዎ ወሲኖም።

ነዚ ቅዱስ ዕላማ'ዚ ክዉን ንምግባር፡ ብደረጃ ሃገርን ከባቢታትን ኮሚቲታት ቆይመን፡ ነቲ ስራሕ ምእላይን ምስልሳልን ካብ ዝጅምራ ኣዋርሕ ኣቑጺረን ኣለዋ። ነቲ ብደረጃ ሃገር ተጀሚሩ ዘሎ ኣገባብ ኣወዳድባ ብምኽታልን፡ ካብታ ነዚ ዳግመ ህንጻ እዚ ክትኣሊ ተመዚዛ ዘላ ላዕለወይቲ ሽማግለ፡ መምርሒ ብምቕባልን፡ ንዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን እትውክል ቦርድ ቆይማ፡ ብምእኩል ኣገባብ ኣሰራርሓ ነዚ ሰናይ ተብግሶ'ዚ ሽቶኡ ንምህራም ላዕልን ታሕትን ኣብ ምባል ትርከብ።

ኢደይ ኢድካ ኢልካ ምዕያይ ሕላገት ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ኣብቲ ሃገር ንምሕራር፡ ቀጺሉ ውን ሃገር ንምውሓስ ዝተኻየደ ስጡምን ዕዉትን ቃልሲ ብተግባር ተረጋጊጹ እዩ። ሕጂውን ነዚ ክቡር ባህሊ'ዚ ተዓጢቕና፡ ሎሚ ንሳንጆርጆ ጽባሕ ድማ ንኻልኦት ሓገዝ ዘድልየን ቤት ትምህርትታት ኤርትራ ብምእኩል ኣገባብ ምህናጽ፡ ካብ ኣብ ወፍሪ ልምዓት ሃገር ምስታፍ ስለ ዘይፍለ፡ ኣበየናይ ቤት/ት ምምሃርና ወይ ኣበየናይ ኩርናዕ ሃገርና ምዕባይና ብዘየገድስ፡ ንሃገርን ህዝብን ዘርብሕ ቁምነገር ምስራሕ ሃገራዊ ሓላፍነት እዩ።

ነዚ ሓላፍነት'ዚ ንምትግባር ቦርድ ዳግመ ቤት/ት ሳንጆርጆ ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኣን ን31 October, 2009 ካብ ሰዓት 6፡00 ድ. ቀ. ክሳዕ 2፡00 ወጋሕታ ***"ሓደ ምሸት ምስ ፕሮጀክት ዳግመ ህንጻ ቤት/ት ሳንጆርጆ"*** ዝተሰየመ ናይ ልዝብን፡ ምዝንጋዕን፡ ወፈያን ምሸት ኣዳልያ ስለ ዘላ፡ ኣብዚ ዕለት'ዚ ኩሉኹም ኤርትራውያን ክትሳተፉ ብኽብሪ ትዕድም።

ትሕቲ ዕድመ ቆሉዑ ሒዝካ ምምጻእ ከም ዘይፍቀድ ብትሕትና ንሕብር።

ኣብዚ ምሸት'ዚ ከዘናግዑና ተዳልዮም ዘለዉ ህቡባትን ወናማትን ድምጻውያን፡

1. ኢንጂነር ኣስገዶም ወልደሚካኤል (ወዲ ባንቾኒ)
2. ተስፋልደት ክቡርዝጊ (ብርጌድ)
3. ዳሽም ምስግና
4. በላይ ኣውዓሎም
5. ልኡል ፍስሃየ
6. ሃይለ ገብሩ
7. ኣፈውርቂ ተሾመ
8. ሙሉጌታ (ወዲ ዛግር)
9. ኤፍሬም ተስፋየሱስ
10. ተስፋማርያም እምባየ (ወዲ እምባየ)
11. ተመስገን (ወዲ ፑፓ)
12. ግዴዎን ሃብቶም ---- ወዘተ እዮም

ዝግበረሉ ቦታ፡

DAYS INN HOTEL
2700 NEW YORK AVE. NE.
WASHINGTON, D.C. 20002
202 832 5800
ንኣድላዪ ሓበሬታ ኣብ ቁ. ስልኪ 301 222 3737 ወይ 202 329 6671 ድውሉ
ብድሓን ምጹ፡- **ቦርድ ዳግመ ህንጻ ቤት/ት ሳንጆርጆ ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኣን**